euaa
EUROPEAN UNION
AGENCY FOR ASYLUM

# ክትፈልጥዎ ዘድልየኩም ብዛዕባ ገምጋም ዕድመ



ጥሪ 2022

ካብ 19 ጥሪ 2022፡ ናይ ኤውሮጳ ቤት ጽሕፈት ደገፍ ዑቕባ (European Asylum Support Office) (EASO) ናይ ኤውሮጳዊ ሕብረት ወኪል ዑቕባ (European Union  Agency for Asylum) (EUAA) ኮይኑ ኣሎ

ናይ ኤውሮጳዊ ሕብረት ወኪል ዑቕባ (European Union  Agency for Asylum) (EUAA) ይኹን ዝኾነ ሰብ ከም ወኪል ናይ EUAA ኮይኑ ዝዓዩ ዘሎ ናይዚ ዝስዕብ ሓበሬታ ዝግበር ተጠቃምነት ተሓታቲ ኣይኮነን።

ላግዘምበርግ፡ ናይ ኤሮጳዊ ሕብረት ቤት ጽሕፈት ማሕተም ፡ 2021

| | | | |
|---|---|---|---|
| ማሕተም | ISBN 978-92-9485-863-4 | doi: 10.2847/1255 | BZ-06-20-110-EN-C |
| PDF | ISBN 978-92-9485-842-9 | doi: 10.2847/443893 | BZ-06-20-110-EN-N |

© European Union Agency for Asylum, 2022

እቲ ምንጪ ፍሉጥ ክሳብ ዝኾነ ምብዛሕ ፍቑድ እዩ።

ንዝኾነ ምጥቃም ወይ ምብዛሕ ስእልታት ወይ ካልእ ነገራት ኣብ ትሕቲ ዋንነት ናይ EUAA መሰል ምቕዳሕ ዘይኮኑ ፣ ካብቶም ዋናታት ናይ መሰል ቅዳሕ ወይ ኮፒራይት ፍቓድ ክሕተት ኣለዎ።

# ክትፈልጥዎ ዘድልየኩም ብዛዕባ ገምጋም ዕድመ



ጥሪ 2022

# መእተዊ



ዝኾነ ቆልዓ መሰል **መንነት ኣለዎ**። መንነት ማለት ስም ጥራይ ኣለካ ዘይኮነ፡ **ዕለትን ቦታ ናይ ልደት** ከምኡ'ውን ናይ'ዚ ዝገልጽ ሰነድ ምህላዉ እዩ።

መንእሰያት ናብ ኤሮጳ ክኣትው ከለው፡ ዝበዝሕ ግዜ፡ **መንነቶምን** ዕድሚኦምን ፡ ከም ናይ ልደት ምስክር ወይ ፓስፖርት ዝገልጽ ሰነዳት የብሎምን። እዚ ምስ ኮነ እዮም **ሰበ ስልጣን ናይ** ፡ ቆልዑ ድዮም ኣይኮኑን ንምውሳን፣ **ገምጋም ናይ ዕድመ ክገብሩ** ዝሓትዎም።

ኣብ ኤውሮጳ፡ **ትሕቲ** 18 **ዓመት** ምስ ትኸዉን **ቆልዓ** ኢኻ ትሕሰብ፡ ከም ቆልዓ ፣ ንፍሉይ ኣገባብ ናይ ዑቕባ መሰል ኣለካ።

እዛ ንእሽቶ ጽሕፍቲ ኣብ ዝበዝሓ ሃገራት ኤውሮጳ ናይ ዕድመ ገምጋም ብኸመይ ከም ዝግበር እያ እተብርህ። እዚ መስርሕ ብልክዕ ኣብ ኤውሮጳ ኣበይ ከም ዘለኻ ምርኩስ ብምግባር ቁሩብ ክቕየር ይኽእል እዩ።


ነዛ ጽሕፍቲ ድማ ምስ ናይ **ቪድዮ ስእሊ ብሓባር**
**ጌርካ** ኣብ ናይ ዕድመ ***ገምጋም*** **ናይ ቆልዑ ንናይ**
**ሕብረት ኤሮጳ ወኪል ን**
**ዑቕባ (EUAA) ዘዳለዎ ጌርካ ከተንብባ ትኽእል ኢኻ።**
። እዛ ካሩትን ወይ ኣኒመሽን ኣብ ናይ EUAA ናይ
ይቱዩብ መርበብ ብብዙሕ ቋንቋታት ትርከብ እያ።
ንስኻ ወይ መሓዙትካ ሞባይል ተሌፎን
ምስ ዝህልወኩም ፣ ነታ QR ኮድ ስካን
ብምግባር ብቐጥታ ናብታ ቪድዮ ኪዱ

# መን እዩ መን?

**ኣህመድ** ከምኡድማ **ሰሚራ ኣብ ቀረባ ግዜ ብዘይ ወለዶም** ናብ ኤሮጳ ኣትዮም። እቶም ሰብ መዚ ብዛዕባ ዕድሚኦም ርግጸኛታት ስለዘይነበሩ፡ ክልቲኦም ናይ ዕድመ ገምጋም ክገብሩ ተሓቲቶም። ኣብዚ ግዜ እዚ ናይ ዕድሚኦም ገምጋም ክግበር ይጽበዩ ኣለው።



ኣህመድን



ሰሚራን

**ዶ/ር** ሚን ፐዳትርሻን ፤ ማለት ሓኪም ቆልዑ እያ፡ ንሳ ንቆልዑ ትምርምርን ኣገዳሲ ኣብ ዝኾነሉ ግዜ ድማ ናብ ሓለፍቲ ጸብጻብ ተቕርብ።



ዶር ሚን

**ዶር ሳም** ምስ ዶር ሚን ብቀረባ ዝሰርሕ ክኢላ ራጂ ወይ ራዲዮሎጂስት እዩ። ንሱ ድማ ናይ ኣዕጽምቲ ስእሊ ወይ ራጂ ማለት ኤክስረይ ዝብሃል ይወስድ። እዚኣቶም ሓደ ሓደ ግዜ ዕድመ ንምሕባር የገልግሉ እዮም።



ዶር ሳም

# ፓውላ



**ፓውላ** በዓል ስልጣን ኮይና ንቆልዑን ናኣሽቱ መናእሰይን ቃለ መሕተት ኣብ ምግባር ፍሉይ ሞያ ዘለዋ እያ። ከም ልሙድ ንሳ ካብቶም ኣብ መጀመርታ ትረኽቡዋ ሰብ ከምኡዉን፡ ነቶም ኣብ ኤሮጳ ምስ ኣተው ዑቕባ ዝሓቱ ተዛርቦም ሰብ እያ።

# ቶኒ

. . . ኣነ ድማ **ቶኒ ይብሃል፣** ሞግዚት/ኣላዪ ኮይነ ኩሉ ክትፈልጥዎ ዘድልየኩም ነገራት
ብዛዕማ ገምጋም ዕድመ ክገልጸልኩም እየ።



# ጆን



**ጆን ናይ** ቆልዓ ሓኪም ስነ-ልቦና/ስነ-ኣእምሮ እዩ። ንሱ ነቶም ናብ ኤውሮጳ ዝኣትው መንእሰያት ብምዝርራብን ሕቶታት ብምሕታትን ኣብ መስርሕ ናይ ዕድመ ገምጋም ይተሓጋገዝ። ንሱ ኣድላዪ ኣብ ዝኾነሉ ናብቶም ሓለፍቲ ሓበሬታ ይህብ።

# ቶኒ - እቲ ሞግዚት ወይ ኣላዩ

ኣላዪ **ወይ ሞግዚት** ነቶም ኣብ ኤውሮጳ ብዘይ **ወለዲ ወይ ሕጋዊ ኣላዪ** ዝኣትው **ቆልዑ ዝምደብ ሰብ እዩ**። ኣብ ገለ ሃገራት ኣለይቲ ተወከልቲ ይብሃሉ እዮም።

**ከማይ ዝኣመሰሉ ኣለይቲ ቆልዑ ንዝህልዎም ኩሉ ሕቶታት ኣብ ምምላስ ንምሕጋዝ እዮም ዘለዉ።** ንኣብነት፡ ብከመይ ናብ ቤት ትምህርቲ ይኸዱ፡ ኣበይ ክነብሩ ይኽእሉ፡ እንተድኣ ተጸሊእዎም ብከመይ ሓኪም ከም ዝርኣዩ። ንኣላይኹም ኣብ ኩሎም ኣርእስትታት ክሕግዘኩም ክትሓትዎ ትኽእሉ ኢኹም።

ሕጂ ኣነ ናይ ዕድመ ገምጋም እንታይ ምኧኑን ከምኡድማ ስለምንታይ ኣገዳሲ ከም ዝኾነ ከብርህ እየ።


ኣስተውዕል
ከም ቆልዓ መጠን
ከማይ ዝኣመሰለ ኣላዪ
ክህልወካ መሰል ኣለካ።
ኣነ ርኢቶኻ፣
ስምዒታትካ ክትገልጽ
ይሕግዘካ፣ ከምኡዉን
ከምትስማዕ ድማ
የረጋግጽ።

# ስለምንታይ ናይ ዕድመ ገምጋም?



ከም ፓውላ ዝኣመሰሉ በዓል ስልጣን ብዛዕባ ናብ ኤሮጳ ዝኣትው ዕድመ ናይ ንኡስ መንእሰይ ሕርኽርኽ ክብሎም ከሎ እሞ ድማ ነቲ ዕለተ ልደት ዘረጋግጽ ሰነድ ክስኣን ከሎ፡ ኣብ ናይ ዕድመ ገምጋም ክትኣትው ክሓቱኻ ይኽእሉ እዮም።

ናይ ዕድመ **ገምጋም** ከኣ ገምጋማዊ **ኣገባብ ዕድሜኻ ክንደይ ምኳኑ መፈተሺ እዩ** ።

ድሕሪ ከምዚ ዝኣመሰለ ገምጋም ዕድሜኻ ዝገልጽ ወግዓዊ ሰነድ ክህልወካ እዩ። እንተድኣ ዕድሜኻ **ትሕቲ 18 ዓመት ኮይኑ፡** ንስኻ **ቆልዓ** ኢኻ ። ልዕሊ 18 ዓመት **ዝኾኑ ሰባት ከኣ** እኹላት **ዓበይቲ ሰባት እዮም።**.

# ርግጸኛ ኣይኮንካን?



ዕድሜኻ ኣብ ወግዓዊ ሰነድ ምጽሓፍ
ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ።

ከም ቆልዓ መጠን፡ ኣብ እዋን ናይ ዑቕባ
መስርሕ ንስኻ ፍሉይ ደገፍ ክትውሃብ ኢኻ።
ዕድሜኻ ኣበይ ከም እትነብርን ምስ መን ከም
እትነብርን ክውስን እዩ። ንሰብ መዚ ክውስኑ
ክሕግዝ እዩ፡ ንኣብነት ፣ ኣላዪ ክህልወካ ድዩ
ወላስ ኣይክህልወካን ፡ ኣበየናይ ቤት
ትምህርቲን ክፍልን ክትኣቱ ኣሎካን ካልእን።




# ፍቓድ ምሃብ

ሰበ ስልጣን ናይ ዕድመ ገምጋም ክትገብር ትሰማማዕ እንተኾንካ ክሓቱኻ እዮም። **ናትካ ስምምዕ**ከም **ፍቓድ ምሃብ** ናይ ዕድመ ገምጋም ንምግባር ኮይኑ ክውሰድ እዩ።

**ዝኾነ ነገር ዘይንጹር ክኸውን ከሎ ሕቶ ክትሓትት መሰል ኣለካ። በቶም ሓለፍቲ ዝጥቀሙሉ ዘለዉ ቋንቋ** ክትርድኦ እንተዘይኪኢልካ **ተርጓማይ ጽሑፍ ወይ ድማ ኣስተርጓማይ ናይ ምሕታት** መሰል ኣለካ።

ተርጓማይ **ጽሑፍ ወይ ድማ ኣስተርጓማይ ዝብሃል ንስኻ ትርድኦ ቋንቋ ዝዛረብ ሰብ ኮይኑ፡ ኣድላዪ ኣብ ዝኾነሉ ምስቶም ሓለፍቲ** ክትረዳዳእ ክሕግዘካ እዩ። ናቶም **ስራሕ** ንስኻን እቶም ሰበ **ስልጣንን ንእትብልዎ ብትኽክል** ምትርጓም እዩ።

ኣብ እዋን መስርሕ ገምጋም ዕድመ ካባኻ ትጽቢት ዝግበረሉ ነገር ከምኡዉን ኣብዚ ምክፋል ንምንታይ ኣገዳሲ ኮይኑ ምስተረዳእካ ፣ ንስኻ መጺእካ ፍቓድካ ክትህብ ትኽእል ኢኻ።





# እቲ ገምጋም ዕድመ መስርሕ

እዚኣቶም ኣርባዕቲኦም እቶም ቀንዲ ናይ ንኡስ መንእሰይ ሰብ ዕድመ ንምግምጋም ልሙዳት መገድታት እዮም።

## 1. ናይ ዕድመ ገምጋም ቃለ መሕተት ምስ ልምዲ ዘለዎ በዓል ስልጣን ከም ፓውላ

በዓል ስልጣን ከም ፓውላ **ንኩሎም ንያኦም** ዝሃብካዮም **ሰነዳት** ክርእይዎም እዮም። ንኣብነት፡ ካብ መበቆል ሃገርካ ዘምጽኣካዮም ሰነዳት ወይ ኣብ ጉዕዞ ከለኻ ዝተቐበልካዮም ወረቓቕቲ። ብተወሳኺ ድማ ብዛዕባ ቅድሚ ኤውሮፓ ምምጻእካ ዝነበረ ሂወትካ ሕቶታት ክትሕተት ትኽእል ኢኻ። እዞም ሕቶታት ድማ ከም'ዚ ከጠቓልሉ ይኽእሉ ፡ ንኣብነት፡ ንስኻ እንተድኣ ትምህርቲ ተማሂርካ ኮይንካ ወይ ኣበየናይ ቤት ትምህርቲ ኬድካ፡ ክንደይ ኣሕዋትን ኣሓትን ኣለዉኻ፡ ሕቶታት ብዛዕባ ስድራኻ።

ናትካ **ቅኑዓት መልስታት** ድማ ን ፓውላ ንስኻ ብገምጋም ክንደይ ሙኻኑ ዕድሜኻ ክትፈልጥ ክሕግዛ እዩ። ድሕሪ'ዚ ፣ ፓውላ ውሳነ ክትወስድ እያ። ንሳ ገና ጥርጣረታት ምስ ዝህልዋ ከምኡዉን ክንደይ ዕድመ ክትጽሕፍ ከም ዘለዋ ርግጸኛ እንተዘይኮይና፡ ኣብቲ ዘለኻዮ ሃገር ብሙሙርኳስ ፣ ንሳ ሓኪም ስነ-ልቦና ወይ ፍሉይ ኪኢላ ማሕበራዊ ሰራሕተኛ ክትርኢ ክትሓተካ እያ። ካብኡ ንሶም ቅሩብ ዝርዝር ሕቶታት ክሓቱኻ እዮም።




## 2. ናይ ቆልዓ ሓኪም ስነ-ልቦና ምርካብ፡ ንኣብነት ከም
## ጆን ወይ ናይ ማሕበራዊ ሰራሕተኛ

ንስኻ ከም ጆን ዝኣመስለ ሰብ ፡ **ናይ ቆልዓ ሓኪም ስነ-ልቦና ዝኾነ ፤**
ክትረክብ ኢኻ።
ኣብ ገለ ሃገራት ኣብ ክንዱኡ ማሕበራዊ ሰራሕተኛ ክትረክብ ኢኻ።


ናይ ቆልዓ ሓኪም ስነ-ልቦና ከምኡዉን **ናይ ማሕበራዊ ሰራሕተኛታት** ንቆልዑ ብከመይ ብልዙብ መገዲ ከም ዝዛረብዎም ይፈልጡ እዮም።. ንሳቶም ድማ ብዛዕባ ሂወትኩም ወይ ድማ ናይ ዓዲ ዘለው ስድራኹም ሓፈሻዊ ሕቶታት ክሓትኹም እዮም። ብተወሳኺ ንሳቶም እንታይ ክትገብሩ ትደልዩን ከምኡ ድማ ጠቕላላ እንታይ ትጸልኡን ክሓትኹም እዮም። ምናልባት ድማ ብዛዕባ ቀንዲ ኣዕርኽቱኹምን ምስኦም ንክንደይ ዝኣክል ከም ዝተፋለጥኩምን ወይ ድማ ኣብ ዓድኹም እንታይ ኣጋጣሚታት ኣጋጢሞም ክሓትኹም ይኽእሉ እዮም።

ዝኾነ ነገር ምርዳእ ክኣብየኩም ከሎ፡ **ወይ መብርሂ ምስ ትደልዩ ወትሩ ሕቶታት ምሕታት ዘክሩ ኢኹም።**








kg

## 3. ኣካላዊ መርመራ ብሓኪም ንቆልዑ

ኣብ ገለ ሃገራት፡ ኣብ ሓኪም ቆልዑ ክትርኣዩ ክሓትኹም ይኽእሉ እዮም፡ ሓካይም ከም ዶር ሚን ኣብ ምስ ቖልዑ ምዕያይ ክኢላ ዝኾነ። እዚ ሕክምናዊ ምብጻሕ ምስ ናይ ቆልዓ ሓኪም ስነ ልቦና ወይ ማሕበራዊ ሰራሕተኛ ንዝግበር ርክብ ክትክእ ይኽእል እዩ።

ሓካይም ክብደትካ፡ ቁመትካ፡ ምናልባት ድማ ኣስናንካ ከምኡድማ ብሓፈሻ ከመይ ይስምዓካ ክሓቱኻ እዮም። ንመርመራ ድማ ገለ ካብ ክዳውንትኻ ከተውጽእ ከድሊ ይኽእል እዩ። ኮይኑግን፡ ፈጺምካ ጥራይካ ክትከውን የብልካን። ኣስተውዕል፡ ሓደ ሰብ ከም’ዚ ክትገብር እንተድኣ ሓቲቱካ፡ **ኣይፋል** ክትብል ትኽእል ኢኻ።

ኣብ ብዙሓት ሃገራት፡ ብመሰረት ንዓኻ ዝስምዓካ ምቾውነትን መን ኣሎን ብምምሩርካስ ፣ ተባዕታይ ወይ ኣንስታይ ሓኪም ናይ ምምራጽ ምርጫ ኣለካ።





## 4. ራጂ ምግባር ብ ኪኢላ ናይ ራጂ ምስ ቆልዑ ኣብ ምዕያይ ዝሰልጠነ

ሓካይም ቆልዑ ምስ ካልኦት ሓካይም ፣ ንሳቶም ድማ ኪኢላታት ራጂ ከም ዶክተር ሳም ብቀረባ ይሰርሑ እዮም። ኪኢላታት ራጂ ኪኢላታት ኣብ ምውሳድ ስእሊ ናይ ዓጽሚ ብዓበይቲ ማሽን ራጂ ማሽን ዝብሃል እዮም። ናይ ራጂ ማሽን ከኣ ከም ዓባይ ካሜራ እያ ትሰርሕ ከምኡከኣ ስለዚ ድማ ናይ ዓጽምኹም ስእሊ ብውሽጢ ቆርበትኩም ክትወስዱ ትኽእሉ።

፣ **ከምዚ ዓይነት ስእሊ** ናይ ዓጽምኹም ምውሳድ ዘሻቕል የብሉን።
**ጠቕላላ ኣየሕምምን** እዩ። ብሓቒ ድማ፡ ዝኾነ ነገር ኣይስምዓኩምን እዩ። ኮይኑግን ፣ ራጂ ፡ ምኽንያቱ ጨረርታ ስለ ዘለዎ ቀጻሊ ክግበር የብሉን።

ኣብቲ ዘለኻዮ ሃገር ብሙሙርኳስ፡ ሓደ ሓኪም ራጂ ናይ ጉምቦ ኢድካ፡ ናይ ሓላቕምቲ ወይ ሓደ ሓደ ግዜ ከኣ ናይ ስንኻ ክገብር ይኽእል። ኣዕጽምትኻ ዝተኣሳሰሩሉ መገድን ኣብ ስእሊ ዝርኣዩሉ መገድን ከኣ ነቲ ሓኪም ዕድመኻ ክግምት ክሕግዞ ይኽእል።




# እስተውዕል

ኣብቲ ዘለኻዮ ሃገር ብሙሙርኪስ ድማ፡ ናይ ዕድመ ገምጋም ካብዞም ዝስዕቡ ክኸዉን ይኽእል እዩ፡

- **ቃለ-መሕተት ናይ ዕድመ ገምጋም፣**
- ቃለ-መሕተት **ምስ ናይ ቆልዓ ሓኪም ስነ-ልቦና** ወይ ናይ
- ማሕበራዊ ሰራሕተኛ፡ ኣካላዊ መርመራ **ብ ሓኪም ቆልዓ፡**,
- ወይ መርመራ **ራጂ ብ ኪኢላ ናይ ራጂ**[5።

ሓደ ሓደ ግዜ፡ ናይ ዕድመ ገምጋም ሕውስዋስ ናይዞም ዝተፈላለዩ መስርሓት እዩ።

**ሕቶታት እንተድኣ ኣለኩም ኮይኑ፡** ንስኹም ወትሩ ክትዛረቡ ከምኡድማ **ክትሓቱ** ኣለኩም! እቶም ኣብ ናይ ዕድመ ገምጋም ዝሳተፉ ሰባት ከም ፓውላ፡ ጆን ፣ ዶር ሚን ወይ ካልእ ዝኾነ ሰብ ፣ ንሕቶታትኩም ክምልሱ ኣለዎም። ቋንቆኦም ኣብ ምርዳእ ጸገም እንተድኣ ኣለኩም ኮይኑ፡
ሓብርዎም። ንሳቶም ድማ ንዓኹም ብዝምችወኩም ቋንቋ ዝትርጉም ክረኽቡ ዝክኣሎም ክገብሩ እዮም።



# ናይ መዘኻኸሪ ሰንዱቕ

ክበርህ ዝድለ ኣብ ናይ ዕድመ ገምጋም ክህልወኩም ዝኽእል ሕቶታት ጽሓፍዎም።




# ውጽኢታት ናይ ዕድመ ገምጋም

**ድሕሪ መስርሕ ናይ** ዕድመ ገምጋም ምውድኡ፡ **ኣብ ዝበዝሓ ሃገራት ብናይ** ማሕበራዊ ሰራሕተኛ ክትሕበር ኢኻ **ከምኡዉን ናይ ዕድሜኻ ውሳኔ** ዝሓዘ ናይ ጽሑፍ ደብዳበ ክትቅበል ኢኻ። እዛ ደብዳበ ኣገዳሲት ስለ ዝኾነት ኣብ ውሑስ በታ ኣቐምጣ።

እንተድኣ ኣብ መወዳእታ ናይቲ መስርሕ እቶም ሰበ ስልጣን **ዘጠራጥር ነገር ምስ ዝህልዎም** ከም ንስኻ **ትሕቲ 18 ዓመት** ወይ **ልዕሊ 18 ዓመት ዕድመ ምዃንካ** ፡ ነታ ዝነኣሰት ዕድመ **ክመርጹ ኣለዎም** ።

**እዚ ረብሓ ጥርጥር ይብሃል!**



# እንታይ ክትገብር ትኽእል ንስኻ ምስቲ ውሳኔ እንተዘይተሰማማዕካ?



ሓደ ሓደ ግዜ ውጽኢት ናይቲ ናይ ዕደመ ገምጋም ካብቲ ልክዕ ዕድሜኻ ትዓቢ ወይ ትንእስ ኮይንካ ክረኽቡኻ ይኽእሉ እዮም።

እንተደኣ ንስኻ **ምስቲ ውሳኔ** ብዛዕባ ዕድሜኻ ዘይተሰማማዕካ፣ ንመጉዚኻ/መጉዚትካ ኣዘራርቦ/ባ ወይ ኣብ'ቲ ንስኻ እትነብረሉ ከባቢ ንዝሰርሕ በዓል ስልጣን፣ንኣብነት ሕጋዊ በዓል ስልጣን፣በዓል መዚ ተቐባሊ ጋሻ ወይ ማሕበራዊ ሰራሕተኛ። ናይ ይግባይነት ሰነድ ከተዳሉ ክሕግዙኻ እዮም።

**ይግባይ ምሕታት** ማለት **ምሙዳት ወይ ምብዳህ እቲ ውሳኔ ገምጋም ዕድመ እዩ።**. ኣብ መብዛሕትአን ሃገራት፣እዚ ኣብ ውሽጢ ውሑዳት መዓልታት ድሕሪ ምቕባል ሕጋዊ ደብዳቤ ናይ ውሳኔ ገምጋም ዕድመ ክትገብሮ ኣለካ። ንስኻ **ኣዝዩ ነዊሕ ከምዘይትጽበ** ከምኡ'ውን ብህጹጽ ነቲ ውሳኔ ንምእራም ክትብጽሖ ናብ እትኽእል ኬድካ ሓገዝ ከም እትሓትት ኣረጋግጽ!


ዕድመ 19?

# ዝበለጸ ረብሓ ናይቲ ቆልዓ

ሰበ ስልጣን ኩሉ እቲ ብኣኣቶም ዝግበር ውሳኔታት **ንዝበለጸ ረብሓ እቲ ቆልዓ ከምዝኾነ ከረጋግጹ ይግባእ**።

**እቲ ዝበለጸ ረብሓ ናይቲ ቆልዓ ኣብ ግምት ምእታው** ኣገዳሲ ዝኸውን ኣብ ዕድመ ምስመጻና ጥራይ ዘይኮነስ፣ብተወሳኺ እቲ ቆልዓ ኣበይ ከምዝነብርን ምስ መንን፣ ኣብየናይ ቤት ትምህርቲ ከም ዝመሃርን...ወዘተ ኣብ ዝውሰነሉ'ውን ኣገዳሲ እዩ።

መጉዚታት ከምዚ ከማይ ነቶም በዓል መዚታት ክንሕግዝ ድልዋት ኢና።
ንሕና **ንዓኻ ዝበለጸ ኣብ ግምት ንምእታዉ ኣብ ምሕጋዝ ኢና ኣብዚ ዘለና**።





# ዘክር

- ንስኻ **ሕጋዊ ደብዳቤ** ናይ ዕድሜኻ ውሳኔ ዝሓዘ ክትቅበል ኢኻ። ዕድሜኻ ብጌጋ ተገሚቱ ኣሎ
- ኢልካ እንተሓሲብካ ይግባይ ክትብል ትክእል ኢኻ!
- ንስኻ ኣብ ሓጺር እዋን ድሕሪ ናይ ውሳኔኻ ደብዳቤ ምቕባልካ **ነቲ ናይ ይግባይነት ሰነድ ክተቕርብ ኣለካ**።
- ኩሉ ግዜ **ዘይነጸረልካ ገለ ነገር** ምስዝህሉ ሕቶታት ሕተት።



# ናይ መወዳእታ ርእይቶታት



**መዘኻኸሪ፣ ሕጋዊ ሰነድ ምስ ዕለተ ልደትካ ምህላው** ንዓኻ ንብዙሕ ምኽንያታት ኣገዳሲ እዩ። ናብ ቤት ትምህርቲ ክትከይድ ክሕግዘካ እዩ፣ንኣብነት፣ ብተወሳኺ ምስ ካልኦት ነኣሽቱ ሰባት ተመሳሳሊ ዕድመ ንክትነብር ክሕግዘካ እዩ።

ናብ ኤውሮጳ ብዘይ መረጋገጺ ዕድመ ሰነድ እንተመጺኻ፣ኣብ መስርሕ ግምገማ ዕድመ ምስታፍ ሓጋዚ ክኸውን ይኽእል እዩ።

መዘኻኸሪ፡ ኣብ’ዚ መስርሕ እዚ ንበይንኻ ኣይኮንካን እትሳተፍ ዘለኻ። ኣብ’ቲ ንስኻ እትነብረሉ ዝሰርሑ ንዓኻ ዝሕግዙ ሰብመዚ ኣለዉ።

ኩሉ ግዜ ሓገዝ ኣብ ዘድለየካን ዘይነጸረልካ ገለ ነገራት ኣብ ዝህልወሉን ሓገዝ ሕተት።





ኣብ መወዳእታ፡ብተወሳኺ ኣብ ኤውሮጳ **ሕግታትን ስርዓታትን ቆልዑ** ካብ ዝኾነ ጎነጽን ጉድኣትን ንምዕቓብ ከምዘሎ ተገንዘብ።

ኩለን ኤውሮጳውያን ሃገራት ኣካል ናይቲ ስምምዕ ኣብ መሰላት ቆልዑ፣ ኣብ’ዚ እዋን እዚ ብ “CRC”ዝጥቀስ እየን። እቲ “CRC” ሰነድ ዝርዝር መሰላት ቆልዑ ኮይኑ፣ብተወሳኺ ቆልዑ  ብድሕንነት፣ውሕሰነት፣ልዕሊ ኩሉ ጽቡቕ ህይወት ንኽነብሩ መንግስቲ እንታይ ክገብር የድሊ ዝገልጽ እዩ።

እቲ “CRC” ንዜጋታት ቆልዑ እቲ ዘለኻዮ ሃገር ጥራይ ዝጣበቑ ዘይኮኑስ፣ ንኩሎም ቆልዑ እንተላይ ናብ ኤውሮጳ ንዝመጹን’ውን እዩ።

ሕጂ ንገዛእ ርእስኻ ክትፍትና ወይ ክሳብ ክንደይ ኣብ መስርሕ ግምገማ ዕድመ ትዝክር ንክትርኢ ነዚ ስዒቡ ኣብ ዝቅጽል ገጽ ዝመጽእ ሓጺር ፈተና ምስራሕ ቀጽል።
ተዘናጋዕ!!



# ሓጺር ፈተና ገምጋም ዕድመ

**ሕቶ 1** ኣብ እዋን እቲ ናይ ዕድመ ገምጋም ዝኾነ መሰላት ቆልዑ ክትዝክሮ ትኽእል ዲኻ/ኺ? እቶም ክትዝክሮም ዝኽኣልካ/ኪ ዘርዝሮም/ዘርዝርዮም

**ሕቶ 2** እቶም ዝተፈላለዩ ሜላታት ዕድመ ዝግምገመሉ ኣብ ኤውሮጳውያን ሃገራት ትዝክሮም/ትዝክርዮም ዶ?

**ሕቶ 3** ኣላዪ ብከመይ ክሕግዝ ይኽእል?

**ሕቶ 4** እቶም ሰበስልጣን ወይ ሓካይም ኣብቲ ዕድመ ዘይክሰማምዑ ወይ ጌጋ ዕድመ ክህቡ ከምዝኽእሉ ተኽእሎታት ኣሎ’ዶ? እወ እንተኮይኑ፣እንታይ ክትገብር ትኽእል?

**ሕቶ 5** ‘እቲ ዝበለጸ ረብሓ እቲ ቆልዓ’ ማለት እንታይ ምኧኑ ትዝክር ዶ?

ጽቡቕ ስራሕ! ንኩሉ እቲ ሕቶታት መሊስካዮ ኣለኻ!

ነቲ መልስታት ኣብ ዝቕጽል ገጽ ርኸቦ።

# ናይ ሕቶታት መልስታት

**መልሲታት ን ሕቶ 1**

- መሰል ንኽትስማዕ
- መሰል ዕለተ ልደት ንክህልወካ (ኣገዳሲ ንተወሳኺ ኣገባባት)
- መሰል ንውሕስነት
- መሰል ንተወሳኺ ሓገዝ ኣብ ግዜ ቁልዕነት(ንኣብነት፡-ውሑስ ቦታ ንምድቃስ/ምምሃር)
- መሰል ንኽትሕበር
- መሰል ሕቶታት ንምሕታት
- መሰል ኣይፋል ንምባል(ኣብ እዋን ሜዲካዊ/ሕክምናዊ መርመራ ምሉእ ክዳውንትኻ ከተውጽእ ኣብ እትሕተተሉ ግዜ)
- መሰል መጕዚ/መጕዚት ንሓገዝ
- መሰል ምምራጽ መርመራ ዝገብር ጾታ ሓኪም
- መሰል ምሕታት ይግባይ ኣብቲ ውሳኔ

## መልሲታት ን ሕቶ 2

- መበገሲ ቃለመጠይቕ ምስ በዓል መዚ
- ስነ-ኣእሙሮኣዊ ግምገማ ብ ስነ-ኣእሙሮኛ ወይ ማሕበራዊ ሰራሕተኛ
- ሜዲካዊ/ሕክምናዊ መርመራ ብ ሓኪም(ንኣብነት፡-መርመራ ኣስናን፣ ክብደትን ቁመትን)
- ብተወሰኺ ኣድላዪ ኣብ ዝኾነሉ ኤክስረይ

## መልሲታት ን ሕቶ 3

- ህላውነት መጒዚ/መጒዚት ንሓገዝን ደገፍን ኣብ እዋን እቲ መስርሕ
- ሕቶታት ንምሕታትን ንስኻ ብእትርድኦ ቋንቋ ክገልጸልካ ዝኽእል ኣስተርጓሚ ምህላዉ
- እቲ/እታ ሓኪም ጓል ኣንስተይቲ ወይ ወዲ ተባዕታይ እንተኾነት/ኾነ ን ምምራጽ

## መልሲታት ን ሕቶ 4

- እቲ ዕድመ ንጹር ኣብዘይኮነሉ ግዜ እቶም ሰበ ስልጣን እቲ ዝነኣሰ ዕድመ ክወስዱ ክመርጹ ኣለዎም(ረብሓ ናይ ጥርጣረ)
- ነቲ ውጺኢት ናይ ዕድመ ገምጋም ይግባይ ክትሓተሉ መሰል ኣለካ።

## መልሲታት ንሕቶ 5

- ኩሉ ኣብቲ መስርሕ ዝተወስደ ስጉምትታት ዝበለጸ ረብሓይ ንምርግጋጽ ክዉሰድ ኣለዎ፣እዚ ማለት ሰበስልጣናት ኩሉ ግዜ ናተይ ዝበለጸ ረብሓ ኣብ ኣእምሮኦም ክህሉ ይግባእ። እዚ ማለት እቲ ተግባራት ንዓይ ሓጋዚ ክኸውን ኣለዎ። እንተኮነ ግን ፣ እቶም ሰበስልጣናት ንዘሎኒ ኩሉ ድልየታተይ ክፍጹሙለይ እዮም ማለት ከምዘይኮነ ይፈልጥ እየ።



**ዕዙዝ ምስጋና ንኩሎም ቆልዑ** ከምኡዉን ነቶም መንእሰያት ኣብ ኣቅርቦት ግብረመልሲ ናይ ቆልዑ ዕድመ ገምጋም ካርቱን ዝተሳተፉ። እዛ ንእሽቶ መጽሓፍ ካብ ናትኩም ርእይቶ

ንተወሰኺ ሓገዝን ንሓበሬታ ንኣሽቱ ኣመልከትቲ ኣብ ምርዳእ ምግምጋም ዕድመ እንታይ ከምዝኾነን ብኸመይ ውጺኢታዊ ተራ ኣብ እቲ መስርሕ ከምዝሕዙን እትሕግዝ ናይ ስሉጥ ጽሕፍቲ ዝመንጨወት እያ።





Publications Office
of the European Union